

# ዘሪኢሰናይ ተወልደ

**1952 – 2020**

# ሓጺር ታሪኽ ሂወት ተቓላሳይ

ዘርኢሰናይ ካብ ኣቦኡ ኣቶ ተወልደ ቐላቲን ኣዲኡ ወይዘሮ ለተስላሰ ተኪኦን ኣብ ዓዱ ዓደውሒ ላዕላይ መረታ ሰበነ □6/14/1952 ተወልደ ።

ዘርኢሰናይ ኣብ መንጎ ኣሓቱን ኣሕዋቱን ብፍቕርን ሕንቅቀትን ዓብዩ፡ ዕድመኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኣብ ደግራን ሰገነይትን ናይ መባእታ ትምህርቱ ጨረሰ። ዘርኢሰናይ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ሓላፍነት ስድራ ይስመዖ ነበረ’ሞ ወለዱን ኣሕዋቱን ንምሕጋዝ ስራሕ ክደሊ ጀመረ። በዚ ምክንያት ወታሃደር ተቖጺሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከደ። ካብ ሰባዓን ክልተን ክሳብ ሰባዓን ኣርባዕተን ኣገልገለ፡፡

ኣብቲ እዋንቲ ሰውራ ኤርትራ ሓይሉ ክሳብ ከበሳታት ዝረአየሉ ጊዝየ ብምንባሩ ብዙሕ ሰብ ብሃገራዊ ወኒ ተላዒሉ ናብ ሰውራ ክውሕዝ ጀመረ ስለ ዝነበረ፡ ዘርኢሰናይ ከአ ከም ህዝቡ ንብረት ጸላኢ ደርቢዩ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ መጀመሪያ ሰብዓን ሓሙሽተን ተሰለፈ ፡ ኣብ ሩብዳ ተዓሊም ወሲዱ ከአ ኣብ ሃይሊ ማሕሙድ ቲናይ ተመደበ ፡ ድሕሪ ሓያሎ ጊዝየ ንጡፍን ኣድማዕን ምንቅስቃሳት ምኽያድ ናብ ወታሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተሳሕበ እሞ ጸጥታዊ ትምህርቲ ወሲዱ፡ ናብ ላዕላይ ጋሽን ከባቢ ባድመን ተመደበ፡ ምስ ሰራዊትን ህዝብን ከአ ኑኡድ ምንቅስቃሳት የካይድ ነይሩ። በቲ ዝነበረ ኩነታት ከም ኩሉ ተጋዳላይ ናብ ሱዳን ዛአተወ ዘርኢሰናይ ውን ንሱዳን ኣተወ። ኣትዩ ከአ ናይቓልሲ ሽውሃቱ ገና ኣይተዓጽወን ኣብ ሞውለም ዝተባህለ ትካል ከም ታይም ኪፐር ተቆጺሩ እናሰርሐ ዕዙዝ ደገፍ ንምንቅስቃስ ሳግም የበርክት ነይሩ።

ስደት ዘርኢሰናይ ኣብዚ ኣይበቀዐን ገና ካብ ሱዳን ነዒራቅ፤ ቐጺሉ ንሶርያ ቀሲሉ ናብ ሃገረ ጀርመን ኣምረሐ፡ ናብ ዝኸደ ይኺድ ዳኣምበር ቓልሱስ በርተዐ ዳኣምበር ኣይጎደለን ፡ ዘርኢሰናይ’ ጉጅለ ህግዲፍ ተኣልዩ ክሳብ ዲሞክራሳዊትን ፍትሓዊትን ብቑዋም እትምራሕ ኤርትራ” ክሳብ እትምስረት ቓልሰይ ኣየቋርጽን ባሃላይ ኢዩ ነይሩ ።

ዝሓሸ ናብራ ንምርካብ ከአ ካብ ሃገረ ጀርመን ናብ ኣመሪካ ኣቶወ ኣብዚ ውን ቓልሱ ኣየቓረጸን እኳዳአ ሓነነ ኣብዚ ከባቢኡ ዘሎኹም ተቓለስቲ ክሳብ ንኣዋሳ ወኪልኩም ዝሰደድኩሞ ብርቱዕ ተቃላሳይ ምኻኑ ሩኡይ ምስክርዩ።

ንመዋቲ መንግስቲ ሰማይ!
ጽናዓት ነሕዋቱን ንበተሰቡን!

ናይ ሓዘንኩም ተኻፋሊ
ጆርጆ ሃብተ ካብ ካሊፎርኒያ